Health
NSW GOVERNMENT
South Eastern Sydney
Local Health Network



# ኢፍሽዋ

# HEPATITIS C

## ኢፍሽዋ/Hepatitis C እንታይ እዩ? (What is Hepatitis C?)

- ሕማም ኢፍሽዋ ማለት ናይ ጸሊም ከብዲ ቑስለት (ቃንዛን ምሕባጥ) እዩ
- ሕማም ኢፍሽዋ ብኬሚካል፣ ብሓደገኛ እጾ፣ ብዙሕ ኣልኮል ብምስታይ ወይካዓ ብቫይረስ ዝመጽእ ዝኽእል ሕማም እዩ።
- ንሕማም ኢፍሽዋ/Hepatitis C ምኽንያት ናይ ኢፍሽዋ C ቫይረስ እዩ። ብዙሕ ዓይነት ዘርኢ እዚ ቫይረስ ከምዘሎ እዩ።
- በዙይ ቫይረስ ዝተትሃዙ ሰባት ውሽጢ ሩቡዕ ዝኸውን ብሽድሽተ ኣዋርሒ እቲ ቫይረስ ካብ ሰብነቶም ይወጽእ እዩ።
- ካልኦት ክሳብ ሕይወቶም ናይቲ ቫይረስ ተሸካማይ ይኾኑ። ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ሓደሓደ ሰባት ናይ ጸሊም ከብዲ ጉድዓት ወይካዓ መንሽሮ ጸሊም ከብዲ ይሕዞም።

## ናይ ኢፍሽዋ/Hepatitis C ምልክታት እንታይ እዮም? (What are the symptoms of Hepatitis C?)

ብዙሕ ግዘ ድሕሪ ዓመታት በቲ ኢፍሽዋ C ቫይረስ ምትሃዝ እቲ ምልክት ኣይርኣይን እዩ። በዞም ምልክታት ክካተት:

- ድኻም
- ድሌት መግቢ ምቅናስ
- ምቅልሽላሽን ተምላሰ
- ትሕቲ የማን ኣጽሚ ኣፍልቢ ቓንዛ
- ረስኒ
- ቓንዛ መራኽቢ ኣጽሚ
- ናይ ባሕሪ ለውጢን ጭንቀት።

## ኢፍሽዋ/ Hepatitis C ብከመይ ይሰራጨው? (How is hepatitis C spread?)

ኢፍሽዋ/ hepatitis C ቫይረስ ብዝተሃዘ ሰብ ደም ውሽጢ ይርከብ። እቲ ቫይረስ ክሰራጨው ዝኽእል:

- ብጽሬት ዘይብሉ ናይ መርፍእ መውጊኢ፣ ስኒታት መውጽኢን ውቓጠ መግበሪ ኣቕሑት
- ናይ ኢፍሽዋ C ቫይረስ ዘለዎ ሰብ ደም ናብ ካልእ ሰብ ክመሓላለፍ እንከሎ። ኣብ ኣውስትራሊያ ደም ናብ ካልእ ሰብ ክመሓላለፍ እንከሎ ናይ ኢፍሽዋ C ቫይረስ መርመራ ይግበር
- ናይ ኢፍሽዋ C ቫይረስ ዘለዎ ሰብ ግላዊ ኣቕሑት ከም መላጸይ ጭሕሚን ናይ ስኒ ቡሩሽ (ደም ክነብሮ ዝኽእል) ንካልእ ሰብ ክጥቐመሉ ምግባር።
- ሓደሓደ ግዘ ኢፍሽዋ C ቫይረስ ዘለዋ ሰበይቲ ኣብ እዋን ጥንሲን ምውላድን እቲ ቫይረስ ናብቲ ማማይ ክመሓላለፍ ይኽእል። ኣብቐረባ እዋን ኣዶ ኢፍሽዋ C እንተሂዝዋ እቲ ጸገም ክብድ ይብል እዩ። ብጃካ ኣብ ጻባ ውሽጢ ደም እንተሃልዩ ናይ ኢፍሽዋ C ቫይረስ ብናይ ኣዶ ጡብ ኣቢሉ ኣይመሓላለፍን።
- ርኽበ ስጋዊ ብምፍጻም ዝመሓላለፍ ኢፍሽዋ C ቫይረስ ብጣዕሚ ውሑድ እዩ፤ የግዳስ ምስ ደም ረኽቢ እንተሃልይዎ ብዝበለጸ ይመሓላለፍ።

## ኢፍሽዋ/hepatitis C ከመይ ይፍለጥ? (How is hepatitis C diagnosed?)

- ብዘሓለፈ ግዘ ኢፍሽዋ C ቫይረስ ከምተታሃዝካ ብደም መርመራ ክፍለጥ ይኽእል። ቀድሚ ብናይ ደም መርመራ እቲ ኢፍሽዋ C ቫይረስ ክርኣይ ድሕሪ ምትሃዝ ክሳብ 6 ኣዋርሒ ክወስድ ይኽእል።
- ከምኡ'ውን እቲ ቫይረስ ካብ ሰብነትካ ከምዝወጸ በቲ ደም መርመራ ምፍላጥ ይኻኣል እዩ።
- እቲ ኢፍሽዋ C ቫይረስ ናብ ሰብነት ከይኣትው መከላኸሊ (ካብ ፕሮቲ ክኸውን እንከሎ ሕማም ናብ ሰብነት ከይኣትው ይከላኸል) ዋላ እኳዕ እቲ ቫይረስ ተጠፊኣ ሕጂ'ውን ኣብ ደምካ ይነብር እዩ።
- ኢፍሽዋ C ቫይረስ መከላኸሊ እንተሃልዩካን እሞ እቲ ቫይረስ ካብ ሰብነት እንተዘይወጺኡ ሓኮምካ ናብ ፍሉይ ሓኪም ወይካዓ ክሊኒክ ይልእኸካ እዩ።

## ብከመይ ንኢፍሽዋ/hepatitis C ሕክምና ይግበር? **(How is hepatitis C treated?)**

- ኢፍሽዋ C ካብ ሰብነታካ ክወጽእ ንድፉ ሕክምና ይወጽእ እዩ። እቲ ሕክምና ብዙሕ ግዘ ብናይ ጸሊም ከብዲ ፍሉይ ሓኪም ክሊኒክ ኣቢሉ ይቶናጀው እዩ።

ኢፍሽዋ/hepatitis C እንተሃልዩካ በዚ ዝስዕብ እንተጌርካ ዘሓሸ እዩ::

- ኣልኮሆል ምስታይ ጠጠው ምግባር
- ዝተመጣጠ መግቢን ቑሩብ ቅብ ኣት ዘለዎ ምውሳድ
- ብዙሕ ግዘ ናይ ኣካል ምንቅስቓስ ምግባር
- ክደኽመካ እንከሎ እረፍቲ ምውሳድ.

ብዙሕ ግዘ ብናይ ስድራ ሓኪምካ መርመራ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

## ኢፍሽዋ/hepatitis C እተሃልዩኒ ንዝኾነ ሰብ ምንጋር ኣለኒ'ዶ?
## (Do I have to tell anyone if I have hepatitis C?)

ብጀካ ናይ ደም ሓገዝ ንምሃብ ወይካዓ ናይ ሕይወት ኢንሹራንሲ ውሕስና ንምእታው እንተዘይኾይኑ ብዛዕባ ኢፍሽዋ C ምንባርካ ንዝኾነ ሰብ ምዝራብ የብልካን።

| |
|---|
| ተጨማሪ ማብራሪያ ከሚከተለው ይገኛል። (Further information is available from) |